# ካብ ሕማም ሽንግልስ ንነብሰኻ ተከላከል!

## ክታበት ሽንግልስ



### እዚ ክታበት ካብ እንታይ ይከላኸል፧

እዚ ክታበት እዚ ብሽንግልስ ዝፍለጥ ሕማም ሀርፐስ ዞስተር ካብ ምምዕባል ይከላኸል። ሽንግልስ ብተመሳሳሊ ቫይረስ ከም ፍንጣጣ ዝመጽእ ቃንዛ ዘለዎን ጽፍፍቲ ዝፈጥርን ረስኒ እዩ። እቲ ጽፍፍቲ ንሓያሎ ሰሙናት ክጸንሕ ይኽእል እዩ፣ እቲ ካብ ሽንግልስ ዝመጽእ ቃንዛ ነርቭ ድማ ከቢድ ክኸውንን ንኣዋርሕ ወይ ዓመታት ከይተረፈ ክጸንሕን ይኽእል።



### እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ:

- ዕድሜኻ 50 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይኑ
- ንእሽቶ እንተኾንካን ገለ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝጎድሉ ኩነታት እንተሃልዩካን (ንኣብነት: ዝተወሰኑ መድሃኒታትን/ወይ ስርዓተ ምክልኻልካ ብዓቢኡ ዘዳኽሙ ሕክምናዊ ኩነታትን)
- ክልተ ዶዝ ናይ ሺንግሪክስ ክታበት የድልየካ፣ እቲ ካልኣይ ዶዝ ድማ ድሕሪ 2 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ድሕሪ ቀዳማይ ዶዝ ይወሃብ።

### ነዚ ክታበት መን ክወስዶ የብሉን:

ንዝኾነ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ እንተሃልዩካ ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ከምኡ ዝኣመሰለ ክታበት ከቢድ (ከቢድ) ወይ ዘይተለምደ ጎናዊ ሳዕቤን እንተ ኣጋጢሙካ ነዚ ክታበት ክወስድዎ ኣይግባእን



### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ምቕያሕ/ሕበጥ/ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሽውሃት ምግዳል ወዘተ ዘጠቓልሉ ኮይኖም ምልክታት ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ ወይ ድማ ንሰዓል ወይ ቃንዛ ንምቍጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ እትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ:
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ:
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ:
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቅ booking.aimga.ca ቆጸራ ሓዙ

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

19 TO ZERO UNITED AGAINST COVID-19

Financial contribution:

Public Health Agency of Canada / Agence de la santé publique du Canada

ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION CREATING BRIGHTER FUTURE